# ሰሜናዊ ምብራቕ ኣፍሪቃዊት ሃገረ ኤርትራ ኣብ'ዚ እዋን እንታይ ትመስል?

ጋዜጠኛ ጸሓፍን ተመራማርን ማርቲን ፕላውት ከም ዝፈተሾ

ተንታኒት ጆኣና ሊዊስ ድማ ከም ዘቕረበቶ

እዚ ብኩለንተንኡ ምስ ሽግራት ኤርትራ ቀጥታዊ ምትእስሳር ዘለዎ ኢሳያስ ኣፈወርቂ ዝተባህለ ሰብ መን'ዩ ዘይፈልጥ ዘሎ ኣይመስለንን። ብዝኾነ ግን፡ ፕረዚደን ሃገረ ኤርትራ፣ ላዕለዋይ ኣዛዚ ሓይልታት ምክልኻል፣ ቻንስሌር ኮሌጃት ኤርትራ፣ ኣቦ-መንበር እንኮ ሰልፊ ህዝባዊ ግንባር ንደሞክራስን ፍትሕን'ዩ። እዚ ውልቀ ሰብ ነዚ ኩሉ ስልጣን'ዩ ተቖጻጺሩ ዘሎ። ክገርመኩም ድማ ኣብ ኩሉ'ዚ ዝተገልጸ ዝተኾመረ ስልጣን ምክትል ዝበሃል የብሉን። ኣብ'ታ ሃገር ማለት ኤርትራ ድማ ሃገራዊ ምርጫ ዝበሃል ተኻየዱ ኣይፈልጥን።

ስለዚ ከኣ ኤርትራ ብሓደ ውልቀ መላኺ ሰብ እትምራሕ ሃገር'ያ። ኣብ ኤርትራ መባእታዊ ክብረት ሰብኣዊ መሰላት ዝበሃል ኣይፍለጥን። ስለ ዘይፍለጥ ድማ መሰል ዜጋታት ኣይክበርን። ኣብ ኤርትራ ዝፍለጥ ብኣንጻሩ'ዩ። ህዝቢ ዝጭፍጭፍ፡ ዝኣስር፡ ዝስውር ስርዓት ምህላው። ልዕልና ግዛኣተ ሕጊ ዝበሃል ነገር ከም ቃላት ኣይለዓልን። ብኣንጻርሩ ሕጊ ጫካ'ዩ ነጊሱ ዘሎ። ኤርትራ 'ምበኣር ብፖለቲካዊ ምሕደራኣ ዝተዓየነት ሃገር'ያ። ዓያኒኣ ድማ እዚ ውልቀ መላኺን ንሱ ዝመርሖ ስርዓትን'ዩ። ክገርመኩም ሎሚ ኣብ ኤርትራ "ብሒም ዝበለ ይተሓጎም" ዝብል ጥቕሲ ብተግባር'ዩ ዝስረሓሉ ዘሎ።

ኤርትራውያን ድሕሪ'ቲ ዘካየድዎን ብዓወት ዝተጸንበለን ሃገራዊ ነጻነታዊ ቃልሲ፡ ከም'ዚ ክረኽቡ ወይ ክኾኑ ኣብ ትጽቢቶም ኣይነበረን። ዘይተጸበይዎ'ዩም ረኺቦም ዘለው። ኣብ እዋን ብረታዊ ተጋድሎኦም እዚ ሎሚ ሃገር ዝመርሕ ዘሎ ሰልፊ በቲ ናይ ሽዑ መጸዊዒኡ ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ ተሰፋ ተነቢርሉ ነይሩ'ዩ። ከመይ ከም ዝተቐየረ ኣይርደኣኒን። ብዝኾነ ሎሚ ዓለም ዝምስክሮ ኣብ ደልሃመት ዝተቐየረት ሃገር'ያ። ፈጻሚኡ ድማ ካልእ ዘይኮነ እዚ ኢሳያስ ዝተባህለ ውልቀ መላኺ'ዩ።

እዚ ሰብ ኣብ ሱሳታት ናብ ቻይና ተጓዒዙ። ብናይ ማኦ ፖለቲካ ስነ-ሓሳብ ድማ ስልጠና ወሲዱ። እዚ ብሓቂ ቅንዕና ዝጎደሎ'ዩ። ወትሩ ከደናግር መሲሉ ክረአ ከም ዝፍትን'ዩም ብቐረባ ዝፍልጥዎ ሰባት ዝዛረብሉ። ከምስል ንህዝቢ ከደናገር ኖርማል ክዳን ይኸደን። ሽዳ ገይሩ ክኸይድ'ውን ይረአ'ዩ። ኣምስሉነትን ጭካነን ናይ ኢሳያስ ከም ኢደ ኣሚን ዳዳ ኣይኮነን። ከም ኪም ጆንግ ኤል'ውን ኣይኮነን። ካብ ኩሉ ዝተፈልየ ዝገብሮ ተግባራቱ'ዩ። ተግባራቱ ኣርሜናዊ'ዩ። ንህዝቢ ክበታትን እታ ሃገር ድማ ክትዓኑ'ዩ ዝገብር ዘሎ። እቲ ካብ ኩሉ ዝገርም ድማ በዚ ኣረሜናዊ ተግባሩ ዘይስከፍ፡ ዘይሓፍር፡ እረ ጽባሕ እንታይ ይመጽኣኒ ኢሉ'ውን ዘይፈርሕ ምኻኑ'ዩ። ኢሳያስ ኣብ'ዚ እዋን ምስ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ዘይወግዓዊ ኲናት'ዩ ተጸሚዱ ዘሎ እንተተ ባህለ ካብ ሓቂ ምርሓቕ ኣይከውንን።

እቲ ኣንጻር ህዝቢ ኤርትራ ዘይካይዶ ዘሎ ዘይወግዓዊ ኲናት ኣንጻርቶም ኣብ ትሕቲ ምምሕዳሩ ዝነብሩ ዘለው ዜጋታት ጥራሕ ዘይኮነስ፡ እንኮላይ ነቶም ብብዙሕ ማይላት ካብኡ ርሒቖም፡ ኣብ ውሑስ ቦታ ዝርከቡ ኤርትራውያንን ትውልደ ኤርትራውያንን'ውን ኲናት ዝኸፈተ ምኻኑ'ዩ። እዞም ኣብ ርሑቕ ስደት ዝነበሩ ኤርትራውያን 2% ዘይሕጋዊ ግብሪ ክኸፍሉ የገድዶም። ኣንጻሩ ከይውደቡ ስለይቲ ሰዲዱ ይበታትኖም። ኣብ ልዕሊ ሆላንዳዊት ተመራማሪት ሚርያም ቫን ሬይዘን ዝተፈጸመ ናይ ቀርባ ኣብነት'ዩ። እቶም ንሱ ዘዋፈሮም ብመንእሰያት ህግደፍ ዝፍለጡ ሰለይትን ፈጠርቲ ራዕድን ነዛ ሰብ ጉድኣት ከብጽሑላ'ዩም መዲቦም ነይሮም። ግን ኣይሰለጦምን። ኣብ መወዳእታ እምበኣር ኢሳያስን ዝኸምኡን ዓለምና ብሕጊ ጫካ ክትምራሕ ከምዘይትኽእል ክፈልጡ ኣለዎም። ዓለምና ሕጊ ኣለዋ። ኣብ ትሕቲኣ ዘለዋ ልኡላውያን ሃገራት በቲ ኣህጉራዊ ውድብ ዝምራሓሉ ኣድማሳዊ ሕግታት ክምረሓ ግዱዳት'የን። ካብ'ዚ ወጻኢ ክኸዱ ዝደለዩ ውልቀ መለኽቲ ድማ ግዜ ይንዋሕ ይሕጸር ብሕጊ ክሕተቱ'ዮም።

ብሓልዮት ደሞክራስያዊ ግንባር ሓድነት ኤርትራ ዝፍኖ ድምጺ ሰላምን ደሞክራስን ኤርትራ፡ 30-01-2017